# ብቕዓታትካ ኣለልይ

ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ተመኩሮ እንተሎካ: እሞ ንተመኩሮታት ሞያዊ ናብራኻ ኣብ ሽወደን ብኸመይ ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል ክትፈልጥ'ዶ ትደልይ፤

ርእሰ-ግምገማ ብምግባር: ኣብቲ ሞያ እንታይ ከም ዚጥለብ ሓፈሻዊ ስእሊ ኪህልወካ ይኽእል'ዩ።

ነዚ ርእሰ-ግምገማ'ዚ: ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ሽወደን ካብ ዚርከቡ ዓይነታት ሞያ ዚምልከት ቅጥዒ ብምምላእ ኢኻ ኽኣ እትፍጽሞ። እቲ ዚስዕብ ምላሽ: ከም መመርከሲ ክትጥቀመሉ'ዩ እቲ ሓሳብ፤ ምስ መራኽቢ ስራሕ ዝርርብ ብምግባር ከኣ ክትጥቀመሉ ትኽእል። እቲ ምላሽ: ካብቶም ዚሰማምዑኻ ዕድላት ቤ/ጽ መራኽብቲ ስራሕ ንምምራጽ: ንዓኻን ንቤ/ጽ መራኽብቲ ስራሕን ዕማም የቃልለልኩም። ከመይ ጌርካ ብቕዓታትካ ኣብ ሽወደን ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል፤ ብኸመይ ከም ትቕጽል ሓበሬታ ክትረክብ፤ ትምህርትኻ ክትዛዝም፤ ስራሕ ተልመደን ክትፍትን ወይ ብቕዓትካ ከተርጥብ (validering) ምናልባት ደገፍ የድልየካ ይኸውን።.

እዞም ኣብዚ ርእሰ-ግምገማ ዘለዉ ሕቶታት: ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያታት ሽወደን ዚቐርቡ ጠለባት ዝተመስረቱ'ዮም። እቲ ምላሽ ከኣ: ኣብቲ ሞያ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ዝተመርኮሰ ይኸውን።

ኩሉ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ኣብ ግምት ይኣቱ። ንብቕዓታትካ እትመዝን ከኣ ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ።

## ብቕዓታትካ ንምልላይ: ነዞም ዚስዕቡ መበገሲ ክትገብር ትኽእል ኢኻ:-

### 1: ተመኩሮ እንተ ዘይብልካ

- ምናልባት ጽንሰ-ሓሳባዊ (ቀለማዊ) ትምህርቲ ሃልዩካ ግን ተግባራዊ ተመኩሮ ዘይብልካ ትኸውን

### 2: ውሑድ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ: ካብ ዓመት ዚውሕድ ጊዜ ሰሪሕካ'ለኻ
- ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝነበርካሉ ወቕቲ ፈቲንካ ትፈልጥ ኢኻ

### 3: ዘዕግብ ተመኩሮ

- ዓመት ምሉእ ከም ዝሰራሕካ ዚምስክር መወከሲ ወይ ምስክር ወረቐት ኣሎካ
- ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ኣብ ሓያሎ ኣብያተ ስራሕ ሰሪሕካ'ለኻ

### 4: ዓቢ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ እንተ ወሓደ ናይ ሓደ ዓመት ተመኩሮ ኣሎካ
- ተግባራዊ ተመኩሮ'ሎካ፤ ብተዛማዲ ኸኣ ቀልጢፍካ ርእስኻ ክኢልካ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ

**5: ኣዝዩ ዓቢ ተመኩሮ**

- ከም ኣካያዲ ስራሕ: ሓላፊ ወይ ክኢላ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ክትፍተን ትኽእል ኢኻ
- ነቲ ስራሕ ኣብ ምውዳብን ምምዕባልን ተመኩሮ'ሎካ፤ ኣብ ምሕደራውን ኣተኣላልያን ስራሕ'ውን ተመኩሮ'ሎካ
- ኣብቲ መዳይ ስራሕ እቲ ዕማም ብኸመይ ኪዕመም ከም ዘለዎ ኣብ ምሕባር ተመኩሮ'ሎካ፤ መሳርሕትኻ ከተንጥፍን ከተተባብዕን'ውን ትኽእል ኢኻ
- ንዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት/ጉጅለታት/መዳያት ስራሕ/መሳርሕቲ ዘድልዩ መጋበርያታት ኣብ ምውዳብ ተመኩሮ ኣሎካ

ተመኩሮታትካ ብሰፊሕ ክትገልጽ እንተ ደሊኻ: ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ቅጥዒ ዘሎ ንናጻ ጽሑፍ ዘገልግል ባዶ ቦታ ተጠቐም። ምናልባት ኣብቲ ሞያ ተመኩሮ ሃልዩካ ክነሱ ንዕኡ ዚምልከት ሕቶ ኣብዚ ቅጥዒ ርእሰ-ግምገማ'ዚ ኣይቀረበን ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

ትምህርትኻን ተመኩሮታትን ብገለ ኣገባብ ንኣብነት ብምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ'ዶ ከተመስክር ትኽእል፧ ምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ እንተሎካ: ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ብቤት ምኽሪ ዩኒቨርሲቲን ላዕላይ ትምህርትን (UHR, Universitets- och högskolerådet) ኣቢሉ ሰነዳትካ ኣብ ምትርጓምን ምርጣብን ኪተሓጋገዘካ ይኽእል'ዩ።

Arbetsförmedlingen

# ናይ ርእሰ ገምጋም ኣርነክ
# ኣልሓማይ/በያዳይ

| ብቕዓታት/ክእለታት | 1-5 (ተመክሮ ኣልቦ – ብጣዕሚ ሚዓቢ ተመክሮ) | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. ጽቡቕ ክእለት ናይ ኣጋይሽ ኣቀባብላ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 2. ኣብ ሓደ እጸጋሚኩነታት ህድኣተይ ኣየጥፍእን ኢየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 3. ኣብ ወጥሪ እንከለኹስርሐይ ክኣልይ ይኽእል | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 4. ናይ ስራሕ ሃዋህውእንታይ ከም ዝኾነን ትሕዝቶኡን ይፈልጦ ኢየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 5. ብናይ ሓደ ስራሕ ቦታ ሕግታት ምቕያድ ይኽእል ኢየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 6. ኣነ ንወሃብ ስርሐይ ተኣማኒ ኢየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| ተመክሮ | | | | | |
| 7. ንበይነ ምስራሕን ናይ ውሳኔ ምውሳድን ተመክሮ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 8. ምስ ካለኦት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 9. ከም ሓለቓ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 10. ካብ ቅርጽ-ስእሊ ኣንቢበ/ተመርኲሰ፣ ነጸላ-ብረታትን ሙራለታትን ቆሪጸ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 11. ዕቱብ/ረዚን ነጸላ ብረትን ናይ ግዳም ዓንዲን ቆሪጸ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 12. ብምንባብ ናይ ስእሊ ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 13. ኣብ ምምሃዝ ናይ ኣካል ነዳዲ፡ ናይ ጋዝ ሻምቡቃዊ ክፍልን-ናይ ሃፋ ተርባይንን ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 14. ኣብ ደገፍ ኣገልግሎት ናይ ላዕለላዊ ክንክን ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 15. ብቆረጽቲ ማሺናት ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 16. ብኣምከኽቲ ማሺናት ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 17. ብማሺን ቖራጺት ፕላዝማ ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 18. ብዋዒ ምልዳይ ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 19. ከም ናይ መንገዲ ባቡር ኣልሓማይ ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 20. ኣብ ምንዳቕ ድልድል ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 21. ኣብ ምንዳቕ ገዛ ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 22. ኣብ መስርሕ ኢንዱስትሪ ኣብ ምትካል ስርዓተ-ሻምብቆ ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 23. ኣብ ምትካል ናይ ስራሕ ምልሓምን /ምብያድን ሰሪሐ ኣለኹ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |

| | |
|---|---|
| 24. ብኣጋባብ መጽቀጥቲ ምልሓም ሰሪሐ ኣለኹ | 1 2 3 4 5 |
| 25. ብኣገባብ ኣምኪ'ኸካ ምልሓም ሰሪሐ ኣለኹ | 1 2 3 4 5 |
| 26. ብረዚስተር/ጸራዲ ኣገባብ ምልሓም ሰሪሐ ኣለኹ | 1 2 3 4 5 |
| 27. ናይ ኣብዚ ታሕቲ ዝስዕብ ዓውዲ ተመክሮ ኣለኒ ፡ | |
| ብገባል ቀዲ ወይ ማዋቕር ሓጺን ብኢድ ምልሓም | 1 2 3 4 5 |
| ብናይ ጋዝ ብገባል ቀዲ ወይ ማዋቕር ሓጺን ምልሓም | 1 2 3 4 5 |
| ብብርቱዕ መቐት ዚነ ድድ ናይ ኦክሲጂንን ኣስተሊንን - ሕውስዋስ ጋዝ ምልሓም | 1 2 3 4 5 |
| ብጋዝ ምልሓም | 1 2 3 4 5 |

**ነዚ ሞያዊ-ዓውዲ ዝምልከት ኣብዚ ቅጥዒ ዘይተጠሰ ተወሳኺእክለት ምስ ምህልወኩም ኣብዚ ጥቐስዎ::**